# ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ – መልሲ ቅድሚ ምሃብኩም ነዚ ኣንብብዎ (5ይ ክፍሊ – 10ይ ክፍሊ)

ስለምንታይ ነዚ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተማሃራይ ክትመልእዎ ይግባእ?
እዚ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ብዛዕባ መስርሕ ምምሃርን ጥዕና ቤት ትምህርትኹምን ርእይቶኹም ንክተቕርቡ ዕድል ዝፈጥር እዩ። ቤት ትምህርትኹም፣ ምምሕዳር ከተማኹምን ሃገራውያን በዓል መዚን ነቶም እትህብዎም መልስታት ንቤት ትምህርትኹም ንምምሕያሽ ክጥቀሙሉም እዮም። እቶም ኣብ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ እትህብዎም መልስታት ተመራመርቲ እውን ኣብ ጠቓሚ ከውዕልዎም ይኽእሉ እዮም። ገለ ውጽኢታት ናይ'ዚ ዳህሳስ/መጽናዕቲ እዚ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.udir.no/statistikk እውን ክሕተም እዩ።

እዚ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ብኸመይ እዩ ዝሰላሰል?
እዚ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ብወለንታ ዝምላእ ኰይኑ፣ ክትምልስዎም ንዘይደለኹም ሕቶታት ድማ ንትሰግርዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ንእትህብዎም መልስታት ብውሕስነት ኢና ንሕዞም
ነዚ ቅጥዒ መሕትት ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ክትመልእዎ እንከለኹም ስምኩም ንኸተፍልጡ ኣይክትሕተቱን ኢኹም። እዚ ድማ እቶም እትህብዎም መልስታት ጸሓፊኦም መን ምዃኑ ኣይፍለጥን እዮ ማለት እዩ። ኣብያተ ትምህርቲ፣ ወነንቲ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ከምኡ'ውን ሃገራውያን በዓል መዚ ንሓፈሻዊ ውጽኢት ናይ'ዚ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ክርእይዎ እዮም፣ ግናኸ መልስታትኩም መንነትኩም ከፍልጡ ዝኽእሉ እንተኾይኖም፣ መልስታትኩም ምስ ካልኦት ሰባት ኣይክንካፈሎምን ኢና።

ዳይሬክቶረይት ትምህርትን ስልጠናን ኖርወይ እቲ ናይ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ መልስታትኩም ናይ ምኽዛን ኰነ ናይ ምጥቃም ሓላፍነት ይስከም።

ዝኾነ ይኹን ሕቶ ኣለኩም ዶ?
ብዛዕባ እቲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ዝምልከት ዝኾነ ይኹን ሕቶ እንተሃልዩኩም፣ ንመምህርኩም ወይ ንዝኾነ ኻልእ ሰራሕተኛ ቤት ትምህርትኹም ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ'ዚ ነቝጣ መርበብ ሓበሬታ እዚ www.udir.no/undersokelser (ብቛንቋ ኖርወይ ጥራይ) ድማ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።.